ምትካልን ምክንኻንን ኣግራብኩም

ሳላ ኣግራባታ ስያትል ዝበለጸት ኢያ ንስኹም ከኣ ክትሕግዙ ትኽእሉ ኢኹም

ነፍሲ-ወከፍ ትተኽለዎን ትከናኸንዎን ገረብ ጥዑይን ክንበር ዝኽእል ከባቢ ይፈጥረልኩም። ኣብዚ እዋን'ዚ 23 ሚእታዊት ናይ ስያትል ብገረብ ዝተሸፈነ እዩ ን 30 ሚእታዊት ከነደይቦ ጻዕሪ ነካይድ ኣሎና።

ሓድሽ ገረብ ምትካልን ምክንኻንን

<u>ልክዕ ገረብ, ልክዕ ቦታ:</u> ዓልየት ገረብ ክትመርጹ ከለኹም፡ ዓቢ ገረብ ኣብ ካንሸሎኹም ብኽመይ ከምዝዓብን፣ ካንሸሎኹም ዝግባእ ጸሓይ ከምዘለዎን፣ ኩነታት መሬት ናይቲ ቦታን ክትሓስብሉ ኣለኩም።

<u>ንኽትዕውቱ ምትካል</u>:



ካብቲ ኩዕሶ ሱር 2-3 ጊዜ ዝገፍሕ ጉድጓድ ኩዓቱ እቲ "ፍንጫል ሱር" እንተወሓደ ካብቲ ዝተኻዕተ መሬት ቁመት1 ኢንች ልዕል ከምዝብል ከተረጋግጹ ኣለኩም። ኣብቲ መሰረት ናይቲ ገረብ 1 ኢንች ዝኽውን ድኹዒ ገበሩሉ፡ ግን ድኹዒ ኣብቲ ጉንዲ ናይቲ ገረብ ክትንክፍ የብሉን። ድኹዒ ኣብ ገረብ እንተለጊቡ እቲ ጉንዲ ይምሽምሽ።

<u>ገረብኩም ደልዲሉ ንኽዓቢ ሓግዝዎ</u>:
እተን ሰለስተ ናይ መጀመርታ ዓመታት ነቲ ውልዶ ገረብኩም ኣዝየን ኣድለይቲ እየን። ገረብኩም ጥዕና ክህልዎ፡ ንመጻኢ ሽግርን ዕዳን ክትንክዩ ነዚ ዝስዕብ ደረጃታት ተኽተሉ።

- **ሓድሽ ዝተተኽለ ገረብ ኣብ ጊዜ ሓጋይ ማይ ይደሊ። ኩሉ ጊዜ ቀስ ኢሉ ክሰቲ ኣለዎ። ኣብ ሰሙን ሓደ ወይ ክልተ ጊዜ፡ ብመስተይ ማይ ጎማ ቀስ ኣቢልኩም ን30 ደቒቕ ኣስትይዎ። ጽቡቕ ይሰቲ ከምዘሎ ንምርግጋጽ 2 ኢንች ንታትሕቲ ኩዓቱ። መሬት ጥሉል እምበር ጥልቁይ ክኸውን የብሉን።**

- **ነቲ ውልዶ ገረብኩም ድልዱል ቅርጺ ክትፈጥርሉን ነቲ ዝሞተ፣ ዝተበላሸወ፣ ዝሓመመ፣ ዝተመሳቐለን ዝፈሓፍሕ ጨንፈራት ከተልግሱ ጸልጽልዎ። እዚ ነቲ ገረብኩም ምስ ዓበየ ውሑስን ጥዕና ዘለዎን ይገብሮ። ሕማቕ ናይ ምጽልጻል ሜላታት ንገረብኩም ናይ ብሓቂ ከባላሽዎ ስለዝኽእል ናይ ኣግራብ ኪኢላትት ቆጺርኩም ገረብኩም ንኽተጸልጽልዎ**

Seattle reLeaf
keep the emerald city green

ብዙሕ ጥቕምታት ኣግራብ

ጽቡቕን ምሕዝነታዊ ዝኾነ ከባቢታት

ኣግራብ ጽባቐን ከባቢኹም ንምንባሩ ደስ ዘብልን ይገብርዎ። ሰባት ኣብቲ መንገዲታት ይዛነዩን ኣብቲ ከባቢ ኣግራብ ዘለዉዎ ቦታ ምስ ጎረባብቶም ንኽራኸቡ ዕድል ይረኽቡ።

ንጹህ ኣየርን ማይን

ኣግራብ ንዝውቅዕ ማይ ይሕዙን ነቲ ዝጥሕስ ዝናብ የህድእዎ'ሞ እቲ ማይ ይጸርን ጠንቂ ውሕጅ ይጎድል። ከምኡ'ውን ኣግራብ፡ ብከላ ኣየር ብምልጋስ ከባቢና ጥዑይ ይገብርዎ።

ናይ ገዛውትኹም ዋጋ ይልዕል

ኣግራብ ናይ ገዛውትኹም መሸጣ ዕዳጋ ካብ 5 ክሳብ 20 ሚእታዊት ይወስኽ።

ዉሑስን ህዱእን ከባቢ

ኣግራብ ኣብ ከባቢና ድምጺ ናይ መጓዓዚያን ንመካይን ቀስ ንምባልን ንምህዳእን ይጠቅም። ብኣግራብን ብሓምላይ መሬትን ዝተኸበቡ ከባቢታት ምስቶም ኣግራብ ዘይብሎም ቦታታት ክወዳድሩ እንከለዉ ዝወሓደ ናይ ገበን ኣጋጣሚታት ኣርእዮም።

ሕሰብሉ። ባዕልኹም ንኽትገብርዎ ክትፍትኑ እንተደሊኹም ናይዚ ከተማ ናይ ገረብ ምጽልጻል መምርሒ ኣብ መርበብ ሓበሬታ (www.seattle.gov/transportation/pruningguides.htm) ክትሪኡ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ጉጅለ Plant Amnesty ን Seattle Tilth ብዛዕባ ምጽልጻል ገረብ ዝምልከት ዎርክሾፕ ይህቡ እዮም።

- ገረብ ትኽ ንኽብል ጥራይ ደግፍዎ። እቲ ደገፍ ነቲ ቀንዲ ዓንዲን ጨናፍርን ናይቲ ገረብ ብምፍሕፋሕ ከየቐስሎን ኣብ መወዳእታ ድማ ከይቀትሎ ከተረጋግጹ ይግባእ። እቲ ደገፋት 1-2 ዓመታት ድሕሪ ምትካል እቲ ገረብ ክለግስ ኣለዎ። እቶም ደገፋት ንኽለግሱ መዓልቶም ከምዝኣኽለ ንምርግጋጽ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ቀንዲ ዓንዲ ናይቲ ገረብ ብምሓዝ ቀስ ኣቢልኩም ትንቕንቕዎ። እንድሕር ኣብቲ ገረብ ከባቢ ዘሎ ሓመድ ዘይተንቀሳቐሱ፡ እቶም ሰራውር ናይቲ ገረብ ደልዲሎም ኣለዉ ማለት ስለዝኾነ እቶም ደገፋት ክለግሱ ይኽእሉ ኢዮም ማለት ኢዩ። ምብዛሕትኦም ሐደሽቲ ዝተተኽሉ ኣግራብ ደገፍ ኣየድልዮምን ኢዩ።

ዝኣኽሉ ኣግራብ'ውን ክንክን ይደልዩ ኢዮም

ዓበይቲ፡ ዝኣኽሉ ኣግራብ ካብ ንኣሽቱ፡ ዘይኣኽሉ ኣግራብ ዝያዳ ጥቕሚ ኣለዎም።

- **ላዕለዋይ ጫፍ ናይ ገረብ ኣይትቕረጽዎ!** እዚ እቲ ገረብ ዘይድልዱልን ዘይዉሕስን ክገብሮ ይኽእል ኢዩ። ጫፍ ናይቲ ገረብ ምቕራጽ ነቲ ግረብ ኣየንእሶን ኢዩ፡ ምክንኻኑ ድማ ከቢድን ክቡሩን ይኸውን።

- ኣግራብ ከባቢያዊ ርእየት ብምፍጣር ነቲ ጽባቐ ይውስኹሉ። ኣዚኻ ምጽልጻል፡እቲ ገረብ ክጽዕቅን ቀልጢፉ ክዓቢን ይገብሮ እሞ እቲ ገረብ ቀልጢፉ ይመውት።

- ኣብ ጊዜ ሙቐት ንኹሎም ኣግራብ **ማይ ጠቓሚ** ኢዩ። ዋላ ዝኣኽሉ ኣግራብ ኣብ ጊዜ ሙቐት ሓደ ወይ ክልተ ጊዜ ኣብ ወርሒ ጽብቕ ጌሮም ማይ ክሰትዩ ኣለዎም። ማይ ክተስትይዎም ከለኹም ነቲ ማይ ቀስ ኣቢልኩም ናብቲ ሰራውር ኣቕንዕዎ።



- **ዘይተደልዩ ተኽሊታት እለይዎም።** ኢንግሊሽ ኣይቪ ጸህያይ ኮይኑ ናብ ገረብ ሓኹሩ ነቲ ገረብ ክቐትሎ ይኽእል ኢዩ። ነቲ ኣይቪ ኣልግስዎ ወይ ድማ ኣብ ከባቢ መሰረት ናይቲ ገረብ ዝርከብ ኣይቪ ብዙሪያኡ ቁረጽዎ።

- **ነቶም ሰራውር ተኸናኽንዎም።** መብዛሕትኦም ሰራውር ናይ ገረብ ኣብ ከባቢ ክልተ ጫማ ካብቲ ላዕለዋይ ሓመድ ዝርከቡ ኮይኖም ካብቶም ጨናፍር ዝነውሕ ንጎኒ ይዝርግሑ። ኣብዚ ኣከባቢ ምኹዓት ነቶም ሰራውር ክቕርጸም ስለዝኽእል ነቲ ገረብ ይቐትሎ።

ኣግራብኩም ተኸናኽኑ

ነዊሕን ጥዑይን ዕድመ ንክህልዎም ኣግራብኩም ካብ ማህሰይቲ ተኸላኸሉሎም።

- መቕረጺ ሳዕሪ ብጥንቃቐ ተጠቀሙ።
- ኣብ ኣግራብ ነገራት ኣይትሰምሩ።
- ከቢድ ነገራትን መሳሪሒታትን ኣብ ትሕቲ ገረብ ኣይተቐምጡ።
- ሓመድ ወይ ቁርጽራጽ ዕንጭይቲ ኣብቲ ቀንዲ ዓንዲ ገረብ ኣይትኾምሩሉ።
- ኩሎም ንመደገፊ ኣግራብ ዝተጠቀምናሎም ነገራት ኣብቶም መጀመርታ 1-2 ዓመታት ክለግሱ ኣለዎም።
- ኣብቲ ቀንዲ ዓንዲ ወይ ጨናፍሩ ስልኪ ወይ ካልኦት ነገራት ኣይትጠቕልሉ።

ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.seattle.gov/trees ተወከሱ